# ድምጽናን ቃልናን

ኣብዛ ዓለም ንነብር ኤርትራውያን ኩልና
እስቲ ምልስ ነብሎ ንኹሉ ውነና ቀልብና
ናብቲ ዝተፈጠርናሉ ዝዓበናሉ ዓዲ ከባቢና
ብቖልዑና ክንጻወት ምስ መሳቱ ኣሕዋትና
ኣብቲ ሜዳታት ጎቦታት ባሕርታት ሃገርና
ክንዘልል ክንሕምብስ ቀደም ከመይ ኔርና

ባህሊ ወለድና ክንወርስ ረኺብና ዕድል
ገሌና ክንመሃር ክንሓርስ ክንሽቕ
ንስድራና ኣኽቢርና ትእዛዞም ክንቅበል
ብፍቕሪ ተጠርኒፍና ክንጻወት ክንዘልል
ብሰላም ክነብር ክንሰርሕ ክንምዕብል

ንዘክሮ ብሓባር ክንበልዕ መኣዲ ተቐሪብና
ወለድና ጸሎት ጌሮም ቆሪሶም ክህቡና
ኣብ ሙሉእ ኤሬና ይመሳሰል ነይሩ ባህልና
ብዘይገድስ ክርስትና ንእመን ዋላ ምስልምና
ብሃገራዊ ዒላማ ብሓባር ተኣኪብና ተጠርኒፍና
ራእይና ሐደዩ ነይሩ እምነት ናይኩልና

ባዕዳውያን ገዛእቲ ክመጹ ግፍዓት ክገብሩ
ንያታዊ ባህልና ቀይሮም ንኣድጊ ክፈጥሩ
ንመንነትናን ሃገርናን ጥሒሶም ክሓድሩ
ኣይተቐበልናዮን ንሕና ብትዕቢት ክነብሩ

ዋላታ መዓልቲ ጽልግልግ ትበል ትጸልምት
ኣዴታትና ንባንዴራና ተዓጢቐን መቐነት
ኣናብስ ወሊደን ወሃብቲ ፈውሲ ክብረት
ጹኑዓት ኤርትራውያን ደቂ ተስፋ እምነት
ቀይሕ ደሞም ሂቦም ከይተሳዕሩ ብጥምረት
ኤርትራዊ ቡቕሊ ኣንበሳ ሓያል ፍጥረት
ዋላ ዝብላዕ ንስኣን ተሸጊርና ንበል ከርተት
ንሕናውን ኣይንርስዕ ንሃገርና ወላዲት ቅሳነት

ኩሉ ህዝብናውን እምብለይ ኢሉ ተሲኡ ተቓሊሱ
ምእንቲ ሃገር ክቡር ደሙን ኣዕጽምቱን ከስኪሱ
ክዳን ናጽነቱ ብዘይልመና ብሓይሊ ቅልጽሙ ለቢሱ

ንሕናውን መብጸዓ ኣለና ብወለድናውን ብቐደም
ኩልና ብሓባር ክንሰማማዕ ከይንፈላለ ከይንጣለም
ንስውኣትና ክንዝክር ከይረሳዕና ክንጽውዖም ብስሞም
ብተግባር ክንቅጽል ከይሸረፍና ንመስመር ሕድሮም

ንመሰልና ከነኽብር ንሓቂ መሪጽና ተቓሊስና
ክንደይ ዓቐበት ደይብና ጎይና ቁልቁለት ወሪድና
ከምዘለናን ከምዘይንጠፍእን ኣፍሊጥናዮም በዚሕና

ኣፍሪቃውያን ኣሕዋትናውን ይቃለሱ ንስረዓዮም ምሳና
ብርሃን ናጽነት ክቕበሉ ብመትከል ሐቂ ክርእዩና
ንመዝገበ ቃላትናውን የንብቡዎ ሰላም ክኸውን ከባቢና

ብሓባር ድምጽናን ቃልናን ምስ ራእይና ነወሃህዶ
ንመፈጠር ሓሶት ንበረኻ ቡሽ ክንምድምዶ
ነቲ ማዕዳ ዘድልዮ ፍጡርናውን ንጽቡቕ ክንምዕዶ
ብድሆና ይብጽሓዮም ከምንጥምት ንነዊሕ ማዕዶ
ስለዚ ኣይንረሳዓዮም ንኹሎም ስውኣት ጀጋኑና
ደሞም ዘፍሰሱ ምእንቲ ሐላል ሃገር ምእንታና
ንዘክሮም ብስራሕ ምስ ይካኣሎ ዋርሳይ ሓቢርና
ምእንቲ ከነትግብር ንሕድሮም ብጽንዓት መትከልና
ኤርትራዊ ኒሕን ትዕግስትን ምስ ራእይና ጠሚትና
ከምቀደምና ከምንዕወት ንሓብሮም ዓው ኢልና
ጥራሕ ኣይንፈላለ ሐድነትና ዋልታናዩ ጠርናፊና

ዓወት ንሓፋሽ
ብርሃነ ገብርመስቀል